# ጽማቕ ሓበሬታ 6ይ ዳግመ-ርክብ ገዳይም ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ።

ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝነብሩ ግዱሳት ገዳይም ተጋደልቲ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ.) ዳግመ-ርክብ ዝጽምበሉሉ መድረኽ ንኽፍጠር ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመት ብዝወሰድዎ ተበግሶ፣ በብዓመቱ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ክካየድ ጸኒሑ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ድማ ኣብ ከተማ ኦክላንድ፣ ካሊፎርንያ ንሻድሻይ እዋን ካብ 22 ክሳብ 24 ሰነ 2018 ዓ.ም. ተኻይዱ።

ናይዚ ዓመት'ዚ ዳግመ-ርክብ ገዳይም ተጋደልቲ ጀብሃ፣ በቶም ኣብ ምጅማር'ቲ ርክብ ዝተመዘዙ ሽማግለን ተሓባበርቶምን ተሰናዲኡን ተመሪሑን፤ ብተሳትፎ ናይ ብዙሓት ካብ ዝተፈላለያ ክፍለ-ሃገራት ኣመሪካ ከምኡውን ካብ ኤሮጳ ዝተሳተፍዎ ድሙቕ ውራይ ኣብ ትሕቲ "Honoring the past and inspiring the future; ሕሉፍ ብምኽባር ንመጻኢ ንለዓል" ዝብል መርሆ እዩ ተጸንቢሉ።



ታሪኽ ከም ዘረጋግጾ፣ ተ.ሓ.ኤ. ንጠቕላላ ማሕበረ-ባህላውን ዞባውን ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ሓቝፉ ዘሳተፈትን ብመትከል ሃገራዊ ናጽነት ዘቃለሰትን ውድብ ስለዝነበረት፤ እቶም ኣብ ዳግመ-ርክብ ዝተሳተፉን ዝተሳተፉን ገዳይም ተጋደልትን ኣባላት ህዝባውያን ማሕበራታን'ውን ንብዙሕነትና ዝውክል ብምንባሩ፣ ንታሪኻዊ ኣቐዋማን ጉዕዞኣን ዘንጸባረቐን ዘዘኻኽርን ህሞት'ዩ ነይሩ።

ዕላማ ዳግመ-ርክብ ገዳይም ተጋደልቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ደጋጊሙ ብንጹር ክሕበር ዝጸንሐ ምኺኑ ዝዝከር'ዩ፡ ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ ታሪኽና ብግቡእ ክስነድን ክዕቀብን፣ ናብ ህልውን መጻእን ወሎዶታት ድማ ከም ሃገራዊ -ታሪኻዊ ውርሻ ክመሓላለፍ ሓላፍነትን ተበግሶን ዝወሰደ እዩ። ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ዝሰንከሉ ብጾት ንምርዳእ ብዓቕሙ ከበርክት ጸኒሑን ክቕጽል ምኺኑ ድማ ከም መደብ ዝሓዞ እዩ። ታሪኽ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ እዩ፡ ዋንኡ ድማ ህዝቢ ኤርትራ'ምበር ውድባት ወይ ውልቀ ሰባት ኣይኮኑን። ስለዝኾነ ድማ ንኹሎም ሃገራውያን ብጠቕላላ ክፉት ዝነበረ ኩይኑ፣ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝተቓለሱ ባእታታት'ውን ተሳታፍትን ተዋሳእትን ናይቲ ውራይ ኮይኖም ቀንዮም።

ቅደም-ተኸተል ናይቲ መደብ ብኣሰናዳእቲ ሽማግለ ተሓቢሩ መደብ ተጀሚሩ፡ ብድሩቕን ተንቀሳቓስን ስእላዊ ሰነዳት ታሪኻዊ ፍጻሜታት ተራእዩ፡ ብዙሓት ግዱሳት ገዳይም ተጋደልቲ'ውን ተሞክሮታቶምን ተዘክሮታቶምን ኣቕሪቦም። ሰለስተ መዓልቲ ብተኸታታሊ ዝቐረበ ዝርዝር ንምጽሓፍ ብዙሕ ጊዜን ገጻትን ዝወስድ ስለዝኾነ ፤ንኽሳተፉ ዘይከኣሉ ግዱሳት ዝሕብር ሕጽር ዝበለ ጽማቕ ሓበሬታ ጥራይ እዩ ቀሪቡ ዘሎ።




ዕዱም ቀንዲ ቃል ኣቕራቢ ናይቲ ውራይ ዶክተር ዮሴፍ ሸኖሳ፣ ኣርእስቲ መደርኡ "A changing struggle: Assessing the ELF's origins and the influence of the Eritrean Muslim League; ገምጋም እናተለዋወጠ ዝማዕበለ ቃልስን መበቆል ተ.ሓ.ኤን ጽልዋ

ናይ ኤርትራውያን እስላማዊ ሊግ” ዝብል እዩ ነይሩ። ዮሴፍ ትግርኛ ከንብብን ክዛረብን ዝኽእል ኣመሪካዊ እዩ። መጽናዕትን ኵዕታን ኣካይዱ ዓሚቕ ተረድኦ ኣጥርዩ መጽሓፍ ዝደረሰ እዩ። ብስእላዊ (ስላይድ) ምርኢት ኣሰንዩ ካብ 1941 ክሳብ ምጅማር ብረታዊ ሰውራ ኤርትራ “ዝነበረ ገድሊ ቅድሚ እዉጅ ገድሊ” ኢሉ ዝጽውዖ ታሪኽ ብዝርዝር ኣቕሪቡ። ኣብቲ መድረኽ’ቲ ተመሳሳሊ ቃልሲ ኣብ ፓኪስታን፣ ህንዲ፣ ግብጺ፣ ሶማልያን የመንን ንትምህርታዊ ዕድላት፣ ሓርነትን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝጠልብ’ዩ ነይሩ። እዚ ካብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ክሳብ ቀይሕ ባሕሪ ዝዝርጋሕ ብምንቅስቓስ እስላማዊ ሊግ ዝካየድ ዝነበረ፤ ንምንቅስቓስ ኤርትራዊ ሊግ’ውን ዝጸለወን ኣፍደገ ዝኸፈተን ክነሱ ካብቶም ኣትኩሮ ዝተዋህቦም ግን ኣይነበረን። ኤርትራዊ እስላማዊ ሊግ ብኣስላም ዝተዓብለለ ኰይኑ፣ ተሳትፎ ክርስትያን ውሑድ’ኳ ይንበር እምበር ዘረጋገጸ ምንባሩ፡ ከምኡ’ውን እቲ ምንቅስቓስ ሃገራዊ ዕላማ እምበር፣ ሃይማኖታዊ ዕላማ ዝገበረ ኣይነበረን ክብል ገሊጹ።




ወከልቲ ናይ ማሕበር ኤርትራውያን በይ-ኤርያ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ደለይቲ ፍትሒ) ንዝኽሪ ሰማእታት ዘዳለውዎ ቃል ኣቕሪቦም። ካብ ዘስምዕዎ መደረ፡ ኣብዚ ካብ ዝተፈላለያ ክፍለ-ሃገራት ኣመሪካ ተጓዒዝኩም፣ ዳግመ-ርክብ ገዳይም ተጋደልቲ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ንምኽባር ኣብ ዝተኣከብክሙሉ ኣዳራሽ ተረኺብና፣ መዓልቲ ሰማእታት ከነኽብሮ ከለና ሓበን እዩ ዝስምዓና። ኣብ ዞናና ተኸሲቱ ዘሎ ትግባረ ምሕንጻጽ ዶብን ናይ ሰላም ንፋስን ንህዝቢ ኤርትራ ሰላም፣ ራህዋን ሓርነትን ዘስፍን ክኸውን ንምነ። በይ-ኤርያ ብህግደፍ ተባሒቱ ምንጪ ናይ ቁጠባኦምን ማእከል ናይ ፈስቲቫላቶምን እዩ ነይሩ፡ ናይ ሓባር ጽላል ማሕበርና፣ ውድባትን ሲቪካዊ ምንቅስቓሳትን ዝጠርነፈ፣ ብዘካየድናዮ ቃልሲ ተሳዒሮም፣ ኣዳራሾም ገዚኦም ተጸጊዖም ኣለዉ። ኣብ በይ-ኤርያ ንጡፋት ተንቀሳቓሽቲ ዝነበሩ ብመስዋእቲ ካባና ዝተፈልዩ ብምዝካር፣ ንስድራ ቤት ኣስገዶም ገብረመድህን (ወዲ-ባሻይ)፣ ኣብርሃም ነጋሲ፣ ተኸኣ ጸጋይን ናይ ክብሪ ምስክር ወረቐት ተዓዲሉ።



ኣባላት መሪሕነት ገድላዊ ባይቶ ዝነበሩ፣ ካብ ጸጋም ንየማን ኣብ ስእሊ ዘለዉ፡ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፣ ዓብደላ ሱለማን (ሓላፊ ወጻኢ ጉዳይ ዝነበረ)፣ ግርማይ ገብረስላሴ (ቀሺ) ንዝተመደበ ናይ ፓለን ምይይጥ ኣኼባ መሪሖም። ነብስ-ወከፎም ድሕረ-ባይትኦምን ዝተሰለፍሉ እዋንን ኵነታቱን ብምብራህ፣ ኣብ ገድሊ ዘገልገልሉ ናይ መጀመርያ መደቦም፣ ኣብ መሪሕነት ካብ ዝተመርጽሉ እዋን ዘጠቓለለ ተሞክሮኦምን ተዘክሮታቶምን ኣቕሪቦም።

ንሕቶታትን ርእይቶታትን ክፉት ምስ ኰነ ድማ ኣኼበኛ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ዝተራእየ ፍጻሜታት እናልዓሉ ሓቲቶም፡ ካብቲ ዝቐረበ ሕቶታት፡ ጉዳይ ተሞክሮ ስምረት፣ ሕቡእ ማሕበር “ሰልፊ ዕዮ”፣ ፖሊቲካዊ ኵነታት ህዝብና ሎምን ቀደምን ከመይ ከምዝግምግምዎ ወዘተ ዘጠቓለለ ነይሩ። ንነብስ-ወከፍ ሕቶ በብተራ ክምልሱ ከለዉ፡ “ጀብሃ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ስምምዕ ኣትዮም ሓቢሮም ክሃርሙና ስለዝተበገሱ ሃሪምናዮም” ዝብል ብሻዕብያ ዝፍኖ ዝነበረ ፕሮፓጋንዳ ብኸመይ ትምልስዎ ንዝብል ሕቶ፡ ንሕና ዝኣቶናዮ ስምምዕ ፍጹም ኣይነበረን። ኣብ መጀመርያ ሰማንያታት ኣብ በርሊንን ሶቭየት ሕብረትን ብልኡኻት ውድብና ዝተሳተፍናዮ ምስጢራዊ ኣኼባ ነይሩ፡ ኣቀራርብኦም ግን “ደርጊ ገስጋሲ ስርዓት ስለዝኾነ ምስኡ ክትሰማምዑ ዝብል’ዩ ነይሩ”፡ ናትና መልሲ ግን “ሕቶና ሕቶ መግዛእቲ ስለዝኾነ ጎደሎ ናጽነት ኣይንቕበልን” ዝብል ስለዝነበረ ብዘይ ዝኾነይኹን ስምምዕ ተመሊስና። ኣብ ኵሉ ዘካየድናዮ ርክባት፡ መትከላዊ ዕላማ ውድብና መሰረት ብምግባር፤ “ብዘይካ ምሉእ ሃገራዊ ናጽነት ካልእ መተካእታ የለን” ዝብል እዩ ነይሩ። ሻዕብያ ዝፍንውዎ ዝነበሩ ጸለመ፤ ነቲ ናቶም ናይ ምብሓት ስትራተጂ ንምሽፋን’ዩ ነይሩ። ኣብ እዋን ቃልሲ ሃገራዊ ምልኣት ነይሩ፤ ኣብዚ እዋን’ዚ ግን ህዝብና ብዓሌትን ኣውራጃን ተፈላልዩ ይርአ፡ ሕጂ ዘድልየና ዘሎ ናብ ሃገራዊ ምልኣት ክንመልሶ ከምዘለና እዩ። ብዛዕባ ተኸሲቱ ዘሎ ኣዋጅ ትግባረ ምሕንጻጽ ዶብን ዝስዕብ ናይ ሰላምን ልምዓትን ውዕላት ንልዑላውነት ናይ ክልቲኡ ሃገራት ዘኽብርን ዘርብሕን ክኸውን ኣለዎ ክብሉ መግለጺኦም ዛዚሞም።

ኣብ ማእከላይ ክፍሊ ወተሃደራዊ ሕክምና ዘገልግሉ ዝነበሩ ሓካይም፡ ብናይ ሕክምና ዶክተራት፣ ናይ ጥዕና መኰንናት (ሄልዝ ኦፊሰርስ)፡ ነርሳትን ድረሰራትን፤ ዝሰልጠኑን ብሞያኦም ከገልግሉ ጸኒሖም፡ ክጋደሉ ዝተሰለፉ ብዙሓት’ዮም ነይሮም። ገለ ካብኦም ኣብ ዳግመ ርክብ ዝተሳተፉ ናይ ሜዳ ተሞክሮኦምን ተዘክሮታቶምን ንኣኼበኛ ኣካፊሎም። ገለ ካብቲ ዝገለጽዎን ዘቕረብዎ ሰነድን ንምጥቃስ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስልጠና ሓካይም ካብ ዝተፈላለየ ናይ እንግሊዝኛ መጻሕፍቲ ናብ ትግርኛ ተተርጊሙ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ መጽሓፍ ንምርኢት ቀሪቡ። በብእዋኑ ዝተኻየደ ናይ ስልጠና መደባት፣ ልዕሊ ሽሕ ኣለይቲ ሕሙማት ተመሪቖም ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ዘገልግሉ ምንባሮም ሓቢሮም። ናብ ማእከላይ መደበር ሕክምና ዝመጹ ዝነበሩ ውጉኣትን ብባህርያዊ ሕማማት ከምኡ’ውን ውግእ ዘስዓበሎም ብናይ ኣእምሮ ነውጺ (ትራውማ) ዝሓመሙን ነይሮም። ንሕክምና ቐዳምነት ተዋሂቦም ዝእለዩ ዝነበሩ እቶም ኣብ ውግእ ዝቖሰሉ ነይሩ። ቁስሎም ኣጸቢቑ ከይሓወየ ድማ ናብ ኣሃዱታቶም ከምዝምለሱ ይግበር ነይሩ። ነቶም ብናይ ውግእ ጭንቀት ዝሓመሙ እትኣሊ ብናይ ሳይክያትሪስት ኣብ ወጻኢ ዝሰልጠነት ተመዲባ ብዛዕባ’ቲ ሕማምን ኣተኣላልያኡን ንኣመሓደርቲ’ቲ መደበር ምስ ኣቕረበት፡ እዚኦም ምትሞርዲን (ቃልሲ ዝጸልኡ ባዕሎም ዝሓመሙ) እዮም ብምባል ስለዘይተቐበልዋ፤ “እቶም ሓካይም ናይቲ መደበር፣ ንባዕሎም ጽሉላት’ዮም” ብምባል ትሽስስ ነይራ። በዚ ድማ ኣብ መንጎ እቶም ናይ ኣእምሮ ሓካይምን ናይ መጥባሕቲ ሓካይምን ግርጭት ወይ ዘይምስናይ ይርአ ነይሩ። እዚ ዓይነት ሕማም’ዚ ካብ ቬትናም፣ ዒራቕን ኣፍጋኒስታንን ውግኣት ተሳቲፎም ምስተመልሱ ዝርአን ብግቡእ ማእለይቲ ዝግበረሉን ሕማም ምዃኑ ሓቢሮም። ኣብ መግለጽታቶም ናይ ብዙሓት ኣስማት ሓካይም ይዝከር ነይሩ። ዶክተር መሓመድ ዝርኣዮ ዝዛረብን ተዋዛይን ስለዝነበረ፣ ርህራህ ዘይብሉ መላገጺ ጌሮም ገለ ተጋደልቲ ዝርእይዎ’ኳ እንተነበሩ፣ እቲ ብዝልዓለ ናይ ሕክምና ፍልጠትን ክእለትን ዘገልግል ዝነበረ ውፉይን ሓላይን ዶክተር ምንባሩ ብኹሎም ተመስኪሩሉ። ኣብ ኤርትራ ዝርአ ትሮፒካዊ ዓይነት ሓማማትን መድሃኒታትን’ውን ዘኪሮም። ካብቲ ዝነበረ ህዝብን ተጋደልትን ዘሳቐ ሕማማት ሮጡባ (ናይ ጅማውቲ ምእሳር) ሳዕቤኑን ፈውሱን ክገልጹ ከለዉ፡ ናይ ቫይታሚን-ሲ ሕጽረት ምንባሩ ሓቢሮም፡ ኣካላትና ቫይታሚን-ሲ ስለዘይክዝን፣ ካብ መዓልታዊ ኣመጋግባ ክረክብ ኣለዎ። ምንጪ ቫይታሚን-ሲ ድማ ኣሕምልትን ፍረታትን እዩ፡ ስለዚ ኣብ መዓልታዊ ኣመጋግባና ኣሕምልትን ፍረታትን ክንረክብ ዋላ እንተዘይክኣልና ለሚን ጾሚቕና ኣብ መግብና እንተኣንጢብናሉ ይሕግዝ’ዩ ክብሉ ኣስተምህሮኦም ለጊሶም።



ኵነታት ኣብ መደበር ከሰላ ዝነብሩ ኣካለ-ስንኩላን ብኣባላት ቦርድ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ኣቶ ጸጋይ ነጋሽን ጸሃየ መሓሪን ብስእልን መግለጽን ቀሪቡ። ንመነባብሮኦምን ሕክምንኦምን ዘድሊ ባጀት ካብ ወፈያታት ግዱሳት ኤርትራውያን ክካየድ ከምዝጸንሐን፣ ሕጂ'ውን ክንቅጽሎ ከምዘለናን ኣማሕጺኖም። ኣኼበኛ ዝለገሶ ኣገዳሲ ወፈያታት ተኣኪቡ ኣሎ።

ብወናም ደራፋይን ብዲ-ጀይ ኣጻዋትን ድሙቕ ጓይላን ሳዕስዒትን ንተሞክሮ ቃልሲ ዘዘኻኽር ወኒ ኣላዒሉ ኣምስዩ።

ዳግመ ርክብ ገዳይም ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ብሳላ ዘይሕለል ውፉይ ሽማግለን ተሓባበርቱን ዕዉት ኰይኑ ስለዝተዛዘመ፣ ንዝመጽእ ዓመት'ውን ኣብ ከተማ ኦክላንድ ብዝሰፍሐ ንኽግበር ኣኼበኛ ወሲኑ።

ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና

24 ሰነ 2018